# እንዳ ኣሉ

ሕጂ‘ኸ እንታይ ይበሉ፡ እንዳ ኣሉ
ብኣልቦ መብጻዓታት ነዊሕ ዝኾብለሉ
ኣነስ እሰግእ‘የ ኣእምሮኦም ከይከውን ዘቢሉ
ወይ‘ክኣ ኣእዛኖም ደስኪሉ
ድምጺ ውጹዕ ዘየስምዑ፡ ተማህሊሉ
ኣእትይዎም እንክሎ ዘሚሩ፡ ዓሊሉ
ኣምሳይኡ ኢሎሞ ቀ፟ማር፡ ሸሉ
ንቕዋም ሓቢኦም ብዓል ሸሉ
ክትግበር‘ዩ እንዳበሉ፡ ህዝቢ ዘሕለሉ
መታን ንጽብሒቱ ኣብ ከብሖም ክሰቕሉ
ሓመዱ ክጉስም እምብዛ ደጊሉ
ብዓል እምነት ብሳንጅኦም ተኸሊሉ
ምስኪን ህዝቢ ሓሲሩ፡ ቀሊሉ
ብዓል ሓቦ እንዶ‘ሞ ቶባእ ኢሉ፡ ልሳኑ ኣልዒሉ
ምስ ረኣየ መሰል ተበዲሉ
ድሕሪ ደጊም ኮኾቦም ቀኒኑ‘ዩ፡ ኣንቀልቀ፟ሉ
ወዲ ሃገር እኳ ክንደይ ከይነፍገሎም ሓይሉ
ንፍርሒ ምስ ቀበራ ትሕቲ ምድሪ ኣቢሉ
ሸዑ‘ዩ ኣቦይ እዝጊ ዝወስዶም ንሓላሉ
መረባዕ ክሰርሓሎም ሕልፍኚ ጉሓሉ
ቡብኣበስኦም ክጸብሓሎም ጻሕሉ

ኣሰላማይ ክስታናይ ወዲ ዓዲ
ኢድ ንኢድ ተተሓሓዝ ኮን ጽምዲ
እቶ ኣብ ጉደና፡ ሕደጎ ጓል መንገዲ
ብሽም ሓደ ሃገር ባርኮ መኣዲ
ኣይትኩርመ ኣብ ዝተኩነ ንእዲ
ባዕዲ ደቂሽዎ ዝግምሰሶ ኣብዲ
ኮን ንእንዳኻ ዓንዲ-ገመል፡ ጽሕዲ
ንሓርነትካ ባዕልኻ ኣናዲ
በጀካኻ እኮ የለን ብዓል ገዛ፡ ቐንዲ
ኩሉ ሓደ ይኹን ትሕቲ ፍርዲ
ርጋእ ክሳብ ዝሓልፍ እዚ ህቦብላ፡ እዚ ራዕዲ
ካብ ሎሚ ንንየው ኣይኮንካን መርገጺ፡ መኸዲ
ጦር ሰራዊት እኳ ዝሓለፉ በብፍቕዲ
ይኣክል ብተልሚደን ሳሕል መላመዲ
ይበተኽ ምራኖም ናይ ጭቆና ቀይዲ
ይቀየሩ ከም ኣረጊት ሰልዲ

ሰለሙን ይከኣሎ
ሕዳር 2017
sykealo@yahoo.de